




## **ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ኤርትራ**
## **ኣብ ከተማ ሚላኖ ብኸብ ዝበለ ድምቀት ተባዒሉ**

ኤርትራውያን ነበርቲ ሚላኖን ከባቢኣን ኢጣልያ፡ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ "ንርህው ጽባሕ-ሎሚ ንስራሕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብ18 ግንቦት 2014 ኣብ ከተማ ሚላኖ ብኸብ ዝበለ ማዕርግ ኣብዒሎም።

ኣብቲ ብዙሓት ዜጋታት፡ ኢጣልያውያን ኣዕርኹትን ፈተውትን፡ ከምኡውን ዕድመ ዝተገበረሎም ሰበ ስልጣን ምምሕዳር ከተማ ሚላኖ ዝተሳተፍዎ ስነ ስርዓት፡ ሓርብርኛታት ኣዴታት ኣቦታትን ብባህላዊ ኣልባሳት ኣማዕሪጎም፡ ህጻናት ተረኪብቲ ሕድርን መንእሰያትን ድማ  ንብዙሑነትናን ኣብኡ ዘሎ ጽኑዕ ሓድነትና ብምንጽብራቕ ነቲ በዓል ዝያዳ ጽባቐ ወሲኮምሉ።

ኣቦ ወንበር ሽማግለ በዓላት ኣቶ ተስፋኣለም በይን ንተሳተፍቲ ጽንብል ዮሃና ድሕሪ ምባሉ፡ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስ ኣብ ዝስምዖ ቃል፡ ንኹሎም ንናጽነት ልኡላውነት ሃገር ክውን ክገብሩ፡ ንዕበየታን ልምዓታን ኤርትራ ተወፊና ክንሰርሕን ክንቃለስን ክንምክትን ሓቦን ኒሕን ኣስኒቖም ሕድሪ ዘሰከሙና ሰማእታት ክብርን ሞጎስን ይብጻሓዮም ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘካይዶ ድሙቕ ሃገራዊ በዓላቱ  ሕድሪ ሰማእታቱ ንምትግባር ደጊሙ ቃሉ ዘሕድሰሉ ኣጋጣሚ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ትርጉም ናይዚ ረዚን ዕለት ብጉዕዞ 23 ዓመታት ጥራይ ዘይኮነ፡ 60 ዓመታት ንድሕሪት ኣማዕዲኻ ዝግለጽዩ ዝበለ ኣቶ ርእሶም ገብረጊዮርጊስ፡ ኣብ ውሽጢዚ ሓይል ሃገርን ቁጠባን ንምህናጽ ዝካየድ ዘሎ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት፡ ባህልን ንቕሓትን ስራሕ ክስስን፡ መኸተ ድማ ብኹሉ ሸንኻቱ ክሕይል ከም ዝግብእ ኣስሚርሉ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ነቲ ካብ 4 – 6 ሓምለ 2014 ኣብ ከተማ ቦሎኛ ዝካየድ ዝኽሪ መበል 40 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ኣመልኪቱ ንተሳተፍቲ ጽንብል መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ መንፈስ መኸተ ፈስቲቫል ቦሎኛ ዓጢቖም ኣበርክትኦምን ተሳታፍነቶን ክዕዝዙ ልዑል ትጽቢት ከምዝግበረሎም ሓቢሩ።

ኣብቲ ጽንብል፡ ብሓልዮት ማሕበረ-ኮም ሚላኖን ከባቢኣን ብቛንቛ ኣደ ከመሃሩ ንዝጸንሑ ቆልዑ ወረቐት ምስክር ክዕደል እንከሎ፡ ብኣጋጣሚ ጽንብል በዓል ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ንዝተዓወቱ ዋንጫ ናጽነት ተዓዲሉ።

**ኮሚተ ሚድያን ዲፕሎማስን**
**ማ/ኮም ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ**
**ዓወት ንሓፋሽ !!**
**19 ግንቦት 2014**









ERITREA!












